# ርእሰ ዓንቀጽ

## ጉዕዞ ህይወት ህዝብና ሕጂኸ ናበይ?

እቲ ቅድሚ 34 ዓመታት ዝተኣወጀ ነጻነት ሃገረ-ኤርትራ፡ ዓመት መጸ ዓመት ከደ፡ ህዝብና፣ ብዝተሓዋወሰ ስምዒት ክጽንበሎ ከም ዝጸንሐ ንኹልና ብሩህ እዩ። እነሆ ሎሚ'ውን፣ ኣብ'ዚ ዝመጽእ ዘሎ ቀረባ መዓልታት፡ ነዛ ታሪኻዊት ዕለት ዝኾነት ግንቦት 24፡ ገና ብኅቦ ልቡ ክጽምብላ እዩ ዝሸባሸብ ዘሎ። እዛ ዕለት'ዚኣ፡ ጸላኢ ካብ ሃገርና ተሓግሒጉ ዝወጸለላ ታሪኻዊት ዕለት ስለ ዝኾነት፣ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ፡ ንህዝቢ ኤርትራ የሃና! እንኳዕ ኣብጽሓን ክብሎ እፈቱ። ብምቕጻል ድማ፡ ኑቶም ብኽቢድ መስዋእቲ፡ ንልኡላውነት ሃገርና ክዉን ዝገበሩ ጀጋኑ ደቂ ሃገር፣ ንዘልኣለም ክብርን መኀስን ይኹንኩም ይብል።

ህግደፍ፡ ኣብ ዝሓለፉ 34 ዓመታት ምሕደራ ሃገር፡ ኣብ ማሕበራውን ቁጠባውን ፖለቲካውን መዳያት፡ ኣብ ባይታ ዘመስከሮ ዓበይቲ ፍሽለታት ገበናትን እናመዝገበ ክመጽእ ዝጸንሐን ዘሎን ጉጅለ ብምዃኑ፡ ብሓደ ድምጺ ይኣክል እንብለሉ እዋን ግዜኡ ኣኺሉ እዩ። ብዝተረፈ እዚ ከምዚ ዝኣምሰለ ህዝባዊ ተበግሶ'ዚ፡ ሎሚ ይኹን ጽባሕ ዘይስገር ሃገራውን ህዝባውን ግዴታ ምዃኑ ከነገንዝብ ንፈቱ። ።

ኣብ ሃገርና ብምልካዊ ስርዓት ህግደፍ ዝፍጸም ዘሎ ብርሰትን ዕንወትን፡ ከም ናቱ ውጽኢት ዝኾነ፡ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ዝወራረስ ዘሎ ፖለቲካውን ቁጠባውን ማሕበራውን ስምብራታትን፡ ሞራላዊ ዕንወትን፣ ኣብታ ኣብ ድሕሪ ጉጅለ ህግደፍ እትህሉ ኤርትራ፡ ዘሰክመና ሓላፍነት፡ ከቢድ ሃገራውን ሕዝባውን ዕዮ ገዛ ብምዃኑ፡ ኩልና ሓልዮት ሃገር ዘለና ደቂ ሃገር ድማ፡ ኣብዚ ግቡእ ተገንዚቦ ክነሕድርን፡ ካብ ሕጂ ጀሚርና፡ ንናይ ጽባሕ ኤርትራ ሰላምን ሓድነትን ክንሓስብን ክንሰርሕን ሃገራዊ ግዴታና ምዃኑ ምግንዛብ የድሊ ዝብል ጽኑዕ መርገጽ ውድብና ምዃኑ በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ክነረጋግጽ ንፈቱ።

ኣብ ባይታ ዘሎ ክዉንነትን፡ ሃለዋት መናባብሮ ህዝብናን ብዝምልከት'ውን፡ ብሓላፍነትን ብሃገራዊ ሕልናን ክንግምግም ዘኽእለና ንቕሓተ-ሕሊና ክነጥሪ፡ ኩንነትና ዝጠልቦ ግዴታ ምዃኑ ምግንዛብ የድሊ። ዘለናዮ መድረኽን ኩነታትን እምበኣር፡ ብውድባይ ውድብካ ዘይኮነስ፡ ጠመተናን ኣተሓሳስባናን፡ ኣብ ጥቕሚ ሃገርናን ድሕነት ህዝብናን ዘተኮረን ዘትከለን ሃናጺ ኣተሓሳስባን ተበግሶን ብምውሳድ፡ ተባዕ ፍጻመ ዝሓትት ቃልሲ ይጽበየና ከም ዘሎ ምግንዛብ።
ስለምንታይ እና ነቲ ስርዓት ንቃወሞ? ዝብል ሕቶ ከየነጸርና፡ ናብ ካልእ ትንተና ክንሰግር፡ ንትሕዝቶ ናይ'ዚ መልእኽቲ፡ ብኣሉታዊ መልክዕ ከምዝኖ ስለ ዝኽእል፡ ነቲ ስለምንታይ? ዝብል ሕቶ፡ ብሕጽር ዝበለ ንምንጻር፥

- ህዝብና ፍትሒ ስለ ዝተነፈገ፣
- ህዝብና ሰሪሑ መነባብርኡ ክጥውር መሰል ስለ ዘሰኣነ፣
- ህዝብና ስለ ዝጠመየ፣
- ህዝብና ዝመስሎ ንኽየድምጽ ኣፉ ስለ ዝተለጉመ፣
- መንእሰይ ወለዶ፡ ኣብ ክንዲ ተቐበልቲ ሕድሪ ኮይኖም፡ ንህንጸት ሃገር ዝተባብዑ፡ ብኣንጻሩ ብሰንኪ ግዱድን ደረት-ኣልቦን ዕስክርና፡ ሃገሮም ራሕሪሖም ክሃድሙ ይግደዱ ስለ ዘለዉ፣
- ሃገርና ፖለቲካውን፡ ሲቪላውን፡ ሰብኣውን መሰላት ዘይትውንን፡ ናይ ፍትሒ ዘኽታም ሃገር ብምዃና፡፡

ገለ ካብቶም ቀንዲ ምኽንያታት እዮም ኣብ ልዕሊ ዝተጠቕሱ ኮይኖም፣ ካልኦት ብዙሓት ጸብጺብካ ዘይዉድኡ ሽግራትን ግህሰታትን ኣብ ሃገርና ይገዝኡ ምህላዎም እሞ፣ ተቓውሞና ንህዝብና ካብዞም ሽግራትን እዚኣቶም ንምልቓቕ ዝዓለመ እዩ። ይኹን እምበር ህዝብና ኣብ ትሕቲ ህግደፋዊ ምልካዊ ምሕደራ ዘሕልፎ ዘሎ መከራን ሕሰምን ጸብጺብካ ስለ ዘይውዳእ፣ ከም'ቲ ኣቦታትና ዝብልዎ "ንለባም ኣምተሉ. . . ." ኢልና ክንሓልፎ ንግደድ። ተቓውሞና እምበኣር፣ ካብ ጽልእን ቅርሕንትን ኣብ ልዕሊ ኢሳያስ ወይ ህዝባዊ ግንባር ዝብገስ ዘይኮነስ፣ ካብ ጽልኢ ናይ ምልክን፣ እቲ ኣረምይናዊ ዝኾነ ተግባራት ምልክን ስርዓት ህግደፍ ዝብገስ ምዃኑ ምንጻር የድሊ። ምኽንያቱ፡ እዚ ምልካዊ ተግባራት'ዚ ንህዝብና፣ ብፖለቲካውን፣ ቁጠባውን ዲፕሎማስያውን፣ ማሕበራውን፡ ኣብ ድቕድቕ ጸልማት ኣእትዩዎ ስለ ዝርከብ፣ ተቓውሞና ድማ ካብዚ ኣብ ሃገርና ነጊሱ ዝርአ ዘሎ ውድዕነት'ዚ ዝብገስ እዩ። ዕላማኡ ድማ፣ ንልዕላውነት ሃገርና ብምውሓስ፣ ንህዝብና

*ካብዚ ዘከላብቶ ዘሎ፡ ንሓድነቱ ዘማህምን፡ ንኽብረቱ ዝግህስ ናይ ጸልማት ጨካን ምልካዊ ምሕደራ'ዚ፣ ሓንሳብ ንሓዋሩ ብምግሊጋል፡ ዋና ነብሱን ሃገሩን ንምግባር እዩ።*

*ኣብ ልዕሊ ህዝብኻ ግፍዕን ገበንን እንዳተፈጸመ እንከሎ፡ ርኢኻ ከም ዘይራኣኻ፣ ሰሚዕካ ከም ዘይሰማዕካ፡ ርእስኻ ኣድኒንካ ምኻድ ይኹን፣ ብናይ ግሊ ረብሓኻ ምስቲ ዓማጺ ስርዓት ተቐይድካ ምኻድ፣ ዓቢ ናይ ሕልና ሕቶ ዘልዕል ኮይኑ፡ ናይ ገበን ገበን እዩ ምባል'ውን፡ ወድዕነት ዝምስክሮ ሓቅን ንነኒታውን ሚዛን እዩ። ብዝተረፈ እዚ ተግባር'ዚ፡ ቀጥታ ተኻፋሊ ናይቲ ገበን ከም ዝገብረካ'ውን ልቦና ብምዕባይ ምግንዛብ የድሊ። እቶም ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ መንገዲ፡ ደገፍትን ኣጣቓዕትን ናይ'ቲ ስርዓት እምበኣር፡ ደጊም ይኣክል፡ ዓገብ ንግፍዒ፡ እወ ንፍትሓውነት ብምባል፡ ድምጾም ከስምዑ፣ ሃገራዊ ሓላፍነቶምን ግዴታኦምን ምኺኑ፣ እዋኑ ከም ዝኣኸለ ክግንዘቡ ይግባእ።*
*ጉጅለ ህግደፍ ን34 ዓመታት ስልጣን ብሒቱ፡ ዝጸንሐን፡ ገና'ውን ዘሎን ጉጅለ ኮይኑ፡ ህዝብናን ሃገርናን ኣብ ትሕቲ ግዝኣት ናይዚ ጉጅለ'ዚ ናብ ሓደገኛ ዝኾነ ደልሃመት ተምርሕ ስለ ዘላ፣ "ንበራበር ሃገርናን ህዝብናን ነድሕን" ዝብል ለባምን ተባዕን ኣተሓሳስባ ምስልሳል፡ ንኹላትና ዘርብሕ ምኺኑ፡ እንፈላለየሉ ኣርእስቲ ክኸዉን ከቶ ኣይግባእን፡፡ "ዕድመ ዝኾነ ይኹን ስርዓት፡ ክንዲ ዝሓየለ ይሓይል፡ ነባሪ ኣይኮነን፡ ህዝብን ሃገርን ግን ነባርን ቀጻልን'ዩ"፣ ብዝብል መርሆ ክንግዛእ ድማ፡ ጠለብ ናይዚ እዋን'ዚ እዩ።*

*እቲ ኩንነት ከምዚ ስለ ዝኾነ እምበኣር፥ እዞም ተቓወምትን ደገፍትን፡ ደቂ ሓንቲ ሃገር ክነስና፡ ክልተ ተጻረርቲ ዋልታታት ኮንና፣ ኣብ ዘይግባእ ምስሕሓብ ዘለና፡ ፍልልያትና ንጎኒ ገዲፍና፣ ንጠቕሚ ሃገርን ህዝብን ዘርብሕ ለውጢ ኣብ ሃገርና ንምርግጋጽ፡ ነቲ ዝፈላልየና ሓጹር ቀንጢጥና፡ ሃይማኖት/ኣዉራጃ/ ቀቢላ/ መታሕት/ከበሳ ወዘተ. . ዝመስል ዝምባሌታት ሰጊርና፡ ብሓባር ክንሓስብን ክንሰርሕን ከም ግ.ሃ.ድ.ኤ. ኣጥቢቕና ምሕጽንታናን ጸዊዕትናን ነሐድስ።*

*ኤርትራ ሃገርና፡ ልዕውነታ ክዉን ካብ ዝኸውን፡ ክሳብ ነዚ ሎሚ መበል 34 ዓመት ተብዕሎ ዘላ ጽምብል ነጻነት፡ እቲ ቅኑዕ ኣንፈት ዕላማኡ ኣጥፊኡ፡ መንገዱ ስሒቱ፡ ብምልኪ ስለ ዝተጨወየ፡ ህዝብና ብሕልናዊ ኣስተንትኖ፡ እነሆ ሎሚ'ውን ከም ትማሊ፣ ን24 ግንቦት፡ ሓጎስን ምረትን ዝሓዋወሰ ስምዒት ሒዙ፡ ኣብ ትሕቲ ንምግላጹ ኣዝዩ ዘሸግር ሁመት፡ ነቶም ብፍላይ ኣብ ድሕሪ ናጽነት፡ ኣብ ዘየድሊ ኲናት ዝወደቑን፣ ነቶም ፍትሒ ስኢኖም፣ ንልዕሊ 24 ዓመታትን፡ ብምልካዊ ጉጅለ ህግደፍ ኣብ ትሕቲ ጸልማት ጎዳጉድቲ ተዳጕኖም ዝሓለፉን፡ ገና'ውን ዝሳቐዩ ዘለዉን ደቁ እናዘከረ እዩ ዝጽንብላ ዘሎ። ጸላኢ ኣባሪርካ፡ መሬት ሓራ ኣውጺእካ፡ ማሕበራዊ፡ ፖለቲካዊ፡ ቁጠባዊ፡ መደባቱ ዘየነጸረን ዘየረጋገጸን ነጻነት፡ ከቶ ምሉእ ክኸውን ኣይክእልን'ዩ። ክብርታት ደቂ ሃገር፡ ብፍትሕን ማዕርነትን ጥራሕ ዝረጋገጽ ሕገ-መንግስታዊ መሰል ኮይኑ፡ ነቲ ድሕሪ ውድቀት ዲክታቶርያዊ ስርዓት ክኸሰት ዝኽእል ድሕረ-ባይታን ኣኸእሎታትን፥ ሃገርና ካብ ማሕበራዊ ነውጽን ፖለቲካዊ ህውከትን ነጻ ኮይና ንኽትነብርን ክትምዕብልን፡ መንግስታዊ ቅርጻን ትካላትን ሰልፍታትን ዘውሕስ ፖለቲካዊ ባይታ እትውንን፡ ቅዋማዊት ሃገር ምምስራት፡ መሰረታዊ ዕዮ ገዛ ናይ ኩሉ ወዲ ሃገር ኮይኑ፣ ብትኹረት ክጻዓረሉን፡ ባይታ ስኒትን ሰላምን ዘውሕስ ሃገራዊ ዕርቂ ቀዳማይ ቦታ ክነትሕዞ፡ መተካእታ ዘይብሉ ሃገራዊ ውራይ'ዩ።*

*ምልካዊ ጉጅለ ህግደፍ፡ ንሃገርና ን34 ዓመታት፣ ብሰንሰለታዊ ሓጺን ጅሆ ሒዙ ዝገዝእ ዘሎ ጃንዳ ምኺኑ፣ እቲ መከራን ሕሰምን ብቐጥታ ዝወርዶ ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ ጥራሕ ዘይኮነስ፣ ምሉእ ሕብረተ-ሰብ ዓለም'ውን ዝፈልጦ ሓቒ እዩ፡፡ ህዝብና ንፋስ ሓርነት ንኽተንፍስ እምበኣር፣ ተቓወምትን ደገፍትን ብዝብል ዘይመሰረታዊ ፍልልይ ከይተገዝእና፣ ብሓባር ዓው ኢልና "ይኣክል ንምልኪ! ፍትሒ ይንገስ! ፖለቲካዊ እሱራት ብዘይ ቅድመ- ኩነት ይፈትሑ! በደለኛታት መሰሎም ይትሓሉ፡ ፍርዶም ይርከቡ! ኣይፋል ንኹናት! እወ ንሰላም ምስ ጉረባብቲ!" ብምባል ክንትስእን፣ ሓባራዊ ህዝባዊ ድምጽና ከነስምዕን፣ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ፣ በኣጋጣሚ ታሪኻዊት መዓልቲ 24 ግንቦት፣ ድምጹ ከብ ብምባል ይጽውዕ!። ብመዐቀኒ ውድብና፣ ነዚ ንምግባር ዝውሰድ ተበግሶ፡ ምርጫ ዘይኮነስ፣ ሃገርን ህዝብን ንምድሓን ዝጥለብ እዋናዊ ሃገራዊ ግዴታ ምኺኑ ከነስምረሉ ንፈቱ።*